KANTON solothurn

# ቆልዑ ክዛረቡ ይደልዩ። ቋንቋ ኣገዳሲ እዩ። ንውላድኩም ብኸመይ ትሕግዝዎ እስከ ንርአ።

ንወለድን ንሓለውትን ዝኸውን ሓበሬታ



Tigrinya



# ቋንቋ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ንቔልዑ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ?

ቆልዑ ወትሩ ኹነ ኣብ ኩሉ ቦታ ቛንቋ የድ ልዮም እዩ።
ኣብ ስድራ ቤት ይዛረቡ።

ምስ ካልኦት ቆልዑ ይዘራረቡን ይጻወቱን እዮም።
ጸኒሑ እውን ቋንቋ ኣገዳሲ እዩ።
ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ ስራሕን።

ስለዚ ድማ እዩ እተን ቀዳሞት ዓመታት ህይወት ኣዝየን ኣገደስቲ ዝኾና።

ንውላድኩም ደግፉዎ።

ፊልምታት፡- ቆልዑ ብኸመይ ምዝራብ ከም ዝመሃሩ
**www.kinder-4.ch**
ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ዳይረክቶሬት ትምህርቲ ዙሪክ ካንቶን ብዙሓት ፊልምታት ክትረኽቡ ኢኹም። እተን ፊልምታት፡ ቆልዑ ብኸመይ ምዝራብ ከም ዝመሃሩን ንውላድኩም ብኸመይ ክትድ ግፉዎ ከም እትኽእሉን ዘርኢ እየን። ምስ ውላድኩም ተዘራረቡ - ኣብ ዝኾነ እዋን፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ።

መጽሓፍቲ ምንባብ፡ ጥቕስታት ምዝራብ
**www.interbiblio.ch**
ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከቡ ኣብ መንጎ ባህልታት ዝርከቡ ቤተ መጻሕፍቲ። ብብዙሕ ቋንቋታት ካብ ብዙሕ ባህልታት ዝመጹ መጻሕፍቲ ኣለዉ። ኣብ ጥቓኹም ዝርከብ ቤተ መጻሕፍቲ ንምርካብ ነቲ ካርታ ተጠቐሙ።

**www.vers-und-reim.net**
ብብዙሕ ቋንቋታት ካብ ብዙሕ ባህልታት ዝመጹ ጥቕስታት ክትረኽቡ ኢኹም፡-
ንኣብነት፡- En ten tini፣ savaraka tini፣ savaraka tika taka፣ bija፣ baja፣ buf፣ trif፣ traf፣ truf!

**www.buchstart.ch**
Buchstart – ምስ ንኣሽቱ ቆልዑ መጽሓፍቲ ምርኣይ

**www.sikjm.ch**
ዛንታ ሃቡኒ - ዛንታታት ብብዙሕ ቋንቋታት

# እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?

**1.** ምስ ውላድኩም ብዙሕ ግዜ ተዘራረቡ።

ቆልዑ ምስ ዓበይቲ ዕላል የድልዮም።
ስለዚ ምስ ውላድኩም ብዙሕ ግዜን ኣብ ኩሉ ቦታን ተዘራረቡ።
ንኣብነት፡- ናብ ዕዳጋ ኽትከይዱ ከለኹም፣ ክትበልዑ ከለኹም፣ ብባቡር ክትድይቡ ከለኹም።
ግዜ ወሲድኹም ነዊሕ ዕላል እውን ግበሩ።
ብዘረባ ዝግበር ጌጋታት ሕማቕ ኣይኰነን።
ኣገዳሲ ዝኾነ ድማ፡- ንሓድሕድኩም ክትረዳድኡ ኣለዎም።

**2.** ውላድኩም ምስ ካልኦት ቆልዑ ክዛረብ ፍቐዱሉ።

ቆልዑ ኣብ ዝጻወቱሉ እዋን ብዙሕ ይመሃሩ፡ እንተላይ ኣብ ምዝራብ።
ስለዚ ምስ ካልኦት ቆልዑ ርክብ የድልዮም።
ውላድኩም ምስ ካልኦት ቆልዑ ክጻወት ፍቐዱሉ።
ውላድኩም ክጻወትን ክመሃርን ግዜ ሃብዎ።

**3.** ንውላድኩም ኣጸቢቕኹም ስምዕዎ።

ቆልዑ ገለ ክነግሩና ይደልዩ።
ስለዚ ድማ እዮም ምሳና ምዝርራብ ኣዝዮም ዝፈትዉ።
ውላድኩም ንኽዛረብ ግዜ ሃብዎ።
ንውላድኩም ኣጸቢቕኹም ስምዕዎ።
ተገዳስነት ኣርኢ እሞ ሕቶታት ሕተት።
በዚ መንገዲ እዚ ንውላድኩም ብዝበለጸ ክትርድእዎ ትኽእሉ።

**4.** ንኹሉ ነገር ቋንቋ ተጠቐሙ።

ብቛንቋ ዘረባ ብዙሕ ነገራት ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም፡ ንኣብነት፡- ገለ ነገር ንምዝራብ፣ ዛንታ ንምምሃዝ፣ ንዓለም ንምግላጽ።
ንቈልዑ ብዛዕባ ዝምስጥ ነገራት ተዘራረቡ።
ብዛዕባ ስምዒታት እውን ተዛረብ።
ግዜ ውሰዱሉ።
ነዊሕ ዝርርብ ንውላድኩም ዋጋ ኣለዎ።

**5.** ነቲ ጥቕስታት ንውላድ ኹም ግለጽዎ።

ኣብ ኩሉ ቦታታት ፊደላት፡ ቁጽርታትን ስእልታትን ኣለዉ:- ኣብ መጽሓፍቲ፡ ኣብ ሞባይል፡ ኣብ ቲቪ፡ ኣብ ምልክታት።
ነዚ ነገራት እዚ ንውላድኩም ግለጽዎ።
መጽሓፍቲ ህጻናት ወይ ፊልምታት ብሓባር ርኣዩ።
ብዛዕባኡ ተዛረቡ።
እዚ ንውላድኩም ድሒሩ ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ ዘመናዊን ዲጂታላዊን ዓለምን ክሕግዞ እዩ።

**6.** ዝሓየለ ቋንቋኹም ተዛረቡ።

ኣብ ገዛ ምስ ውላድኩም እቲ ዝሓየለ ቋንቋኹም ተዛረቡ።
ውላድኩም ኣብ ጉጅለ ህጻናት፡ ናይ ጸወታ ጉጅለ ወይ ኣብ መዓልታዊ መዕበዪ ህጻናት ጀርመንኛ ይዛረብ።
ውላድኩም ክልተ ቋንቋታት ብኽምዚ እዩ ዝመሃር።
እዚ ንውላድኩም ዓቢ ዕድል እዩ።
እዚ ድሒሩ ኣብ መዋእለ ህጻናትን ኣብ ቤት ትምህርትን ይሕግዝ።
ውሉድኩም ኻብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ምስቶም ጀርመንኛ ዝዛረቡ ቆልዑ ኽጻወት ፍቐዱሉ።
ምስ ውላድኩም እቲ ዝሓየለ ቋንቋኹም ተዛረቡ።

**ሕቶታት ኣለኩም ዶ?**
ነቲ ናይ ጸወታ ጉጅለ፣ ናይ ህጻናት ጉጅለ፣ ወይ ኣብ ማሕበረሰብኹም ዝርከብ ማእከል ምኽሪ ኣዴታትን ኣቦታትን ሕተቱ። እቶም ክኢላታት ብሓጎስ ክሕግዙኩም እዮም።

ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ Koordinationsstelle Familienfragen (ቤት ጽሕፈት ምትሕብባር ስድራ ቤት) ክትረክቡ ትኽእል ኢኹም።

ኢ-መይል፡- familienfragen@ddi.so.ch፣ ተሌፎን፡- 032 627 22 85
ኣብዚ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፡- so.ch/fruehe-foerderung

መሰረታዊ ነገራት፡-
ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ ቱርጋው
ምምሃር ቀጻሊ ትምህርቲ መጽናዕቲ

ብሕያውነት ብዝግበር ደገፍ፡-
ካንቶን ዙሪክ፡ ክፍሊ ትምህርቲ

42914 12/23 500

